# ርእስኻ ንምግምጋም ዘገልግል ደረጃታት

| | A1 | A2 | B1 | B2 | C1 | C2 |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ናይ ምርዳእ ኩነታት<br><br>ዘረባ ናይ ምርዳእ ክእለት | ልሙዳት ቃላትን ብጣዕሚ ቀለልቲ ሓረጋትን ብምጥቃም ብዛዕባይ ወይ ብዛዕባ ስድራይ ወይ ብዛዕባ ናይ ቀረባ ከባቢየይ ዝዝረብ ከላሊ እኽእል እዩ:: ይኹን እምበር: ከላሊ ዝኽእል እቲ ዝዛረብ ሰብ ከይቀልጠፈ ምስ ዝዛረብ እዩ:: | ንኣብነት ብዛዕባ ብሕታዊ ኩነታተይ ወይ ኩነታት ስድራይ ወይ ብዛዕባ ናይ ቀረባ ከባቢየይን መዓልታዊ ዕዮታትን ብዛዕባ ናይ ስራሕ ኣቀጻጽራን ዝገልጽ ዓረፍተ ነገር/ሓረግ ይርደኣኒ እዩ:: ሓጺርን ንጹርን ከምኡውን ቀሊልን ዝኾነ መልእኽቲ ይርደኣኒ እዩ:: | ኣብ ቦታ ስራሕ: ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወ ዘ ተ ብተደጋጊሚ ሰብ ዘዕልልሉ ኣርእስቲታት ቀንዲ ትሕዝትኡ ይርደኣኒ እዩ:: ኣብ ናይ ራድዮን ተለቪዥንን ፕሮግራም ዝዝረብ ብዛዕባ እዋናዊ ኣርእስቲ ወይ ዘገድሰኒ ኣርእስቲ ብብሩህን ብህድኣትን ዝዝረብ ምስ ዝኸውን ይርደኣኒ እዩ:: | ንውሕ ዝበለ መግለጺ: ንኣብነት መምህር ዝህቦ ለክቸር ይርደኣኒ እዩ:: ከምኡውን ብዛዕባ ኣነ ዝፈልጦ ኣርእስቲ ንውሕ ዝበለን ከቢድን መግለጺ/ክትዕ ክርደኣኒ ይኽእል እዩ:: ብተለቪዥን ዝቐርብ ዜና ይኹን መግለጺታት መብዝሕቱኡ ይርደኣኒ እዩ:: ብልሙድ ኣዘራርባ ዝዝረብ ፊልምውን መብዝሕትኡ ይርደኦ እየ:: | ምዕቡል ቛንቋ ኮይኑ: ዋላኳ ጽቡቕ መዋቕር ዘይሓዘ ን እቲ ቁምነገሩ በሪሁ ዘይግለጽን እንተ ኾነ: ክርደኣኒ ይኽእል እዩ:: ናይ ተለቪዥን መደባት ኮነ ፊልም ብዘይ ብዙሕ ጻዕሪ ይርደኣኒ እዩ:: | ብቐጥታ ምስ ሰብ ዝግበር ዝርርብ ይኹን ካብ ተለቪዥን ወይ ራድዮ ወይ ካብ ፊልም ዝሰምዖ ዘረባ: ናይ ምርዳእ ጸገም ፈጺመ የብለይን:: ዋላኳ እቲ ዘረባ ሓደ ወደባት እንዳቐልጠፈ ዝዛረቦ እንተ ኾነ: ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዝዝረብ ዓይነት ኣዘራርባ ተላልየ ምስ ዝኸውን: ናይ ምርዳእ ጸገም ኣየጋጥመንን:: |
| ጽሑፍ ናይ ምርዳእ ክእለት | ንኣብነት: ኣብ ዝተጠቀዐ ናይ ሓበሬታ ሰሌዳ ወይ ኣብ ረክላም ወይ ኣብ መዝገብ (ካታሎግ) ዝተጻሕፈ ልሙዳት ኣስማትን ቃላትን ከምኡውን ቀለልቲ ዝኾና ዓረፍተ ነጋራትን ይርደኣኒ እዩ:: | ብጣዕሚ ሓጸርቲን ቀለልቲን ዝኾና ጽሑፋት ከንብብ እኽእል እየ:: ቅልል ብዝበለ ኣገባብ ዝቐርብ ንኣብነት ሬክላም: ናይ ሓበሬታ ሰነዳት: ናይ ሬስቶራንት ዝርዝር ዓይነት ምግቢ ከምኡውን ናይ መበገሲ ሰዓታት ሰንጠረዥ ዘድልየኒ ሓበሬታ ካብኡ ከውጽእ እኽእል እየ:: ሕጽር ዝበላን ትሕዝቶኦን ቅልል ዝበላን ደብዳቤታት ክርደኣኒ ይኽእል እዩ:: | ብዛዕባ ኣብ መዓልታዊ ናብራን ኣብ ስራሕን ብተደጋጋሚ ኩነታት ዝጥቀስ ነገራት ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ክርደኣኒ ይኽእል እዩ:: ብዛዕባ ዘጋጠመ ነገራት ዝተጻሕፈ መግለጺ: ብዛዕባ ኣብ ብሕታዊ ደብዳቤታት ዝተገልጸ ስሚዒታትን ድልየትንውን ይርደኣኒ እዩ:: | ኣብ እዋናዊ ጸገማት ዘተኮረ ፍሉይ ጽሑፋትን ጸብጻባትን ከምኡውን ኣብኡ ዝርከብ ጠባያትን ርእይቶታትን ከንብብ እኽእል እየ:: ዘመናዊ ዝኾነ ብስዲ ንባብ ዝተጻሕፈ (ማለት ግጥሚ ዘይኮነ) ስነ ጽሑፍውን ከንብብ እኽእል እየ:: | ነዊሕን ከቢድን ናይ ዘየከራኽር ኣርእስቲ መግለጺ ይኹን ስነ ጽሑፍ ይርደኣኒ እዩ:: ከምኡውን: ናይቲ ደራሳይ ናይ ኣጸሓሕፋ ፍሉይ ሜላታትውን ከላሊ እኽእል እየ:: ዋላ ካብቲ ኣነ ዘለኒ ተገዳስነት ይኹን ተሞክሮ ወጻኢ ዝኾነ ሞያ ዝሓዘለ ጽሑፍን ነዊሕ ዝኾነ ሓባሪ ጽሑፍን ክርደኣኒ ይኽእል እዩ:: | ዝኾነ ብጽሑ ፍ ዝቐረበ ኩሉ ትሕዝቶ ብዘይ ጻዕሪ ከንብብ እኽእል እየ:: እቲ ብጽሑፍ ዝቐረበ ሓሳብ፣ ረቂቕ ምኽኒ ብዘየግድስ ወይ መዋቕሩን ቛንቋኡን ከቢድ እንተ ኾነ'ውን ክርደኦ ኣየጸግመንን:: ናቱ ዓይነት ጠባይ ዘለዎ ጽሑፍ ንኣብነት ከም ሓባሪ ጽሑፍ ወይ ኣብ ሞያ ዘተኮረ ፍሉይ ጽሑፍ ኪጥቀስ ይከኣል:: |
| ምዝራብ | እቲ ምሳይ ዝዛረብ ሰብ ከይቀልጠፈ ክዛረብን እቱ ዝበሎ ክደጋግመለይን ወይ ብኻልእ ኣዘራርባ ክገልጸለይን ወይ እቲ ኣነ ዝበሎ ዘረባ ከዕርየለይን | ኣብ ቀሊልን ብቐጥታ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ክእለት ጥራሕ ዘድልዮ ዝርርብ ወይ ስራሕ ክካፈል እኽእል እየ:: ኣብ ሕጽር ዝበለ ማሕበራዊ ዝርርብ ክካፈል ዝኽእል | ናብቲ እቲ ቛንቛ ዝዝረበሉ ሃገር ወይ ዞባ ኣብ ዝግበር መገሻ ከጋጥም ዝኽእል ሃዋሁ ኣብቲ ዜድሊ ዝርርብ ክካፈል ጸገም የብለይን:: ብዛዕባ ንዓይ ተገዳስነት ዘሕድር ኣርእስቲ | ብዘይ ጸገም ክዘራረብን ክካታዕን ሙሉእ ክእለት ስለ ዘለኒ: ስግኣት ከይሓደረኒ ምስ እቶም ደቀባት ርክብ ክገብር እኽእል እየ:: ብዛዕባ | ንክገልጽ ቃላት ዝእልሽ ምኽኒይ ኣብ ገጸይ ከይተርኣየ: ሰጋእ መጋእ ከይበልኩ በገባብ ሓሳበይ ክገልጽ እኽእል እየ:: ንማሕበራዊ ወይ ንፍሉይ ወይ ንስራሕ ጥቕሚታት ነቲ ቛንቋ | ኣብ ዝኾነ ዝርርብን ዘተን ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ጸገም ክካፈል እኽእል እየ:: ኣብቲ ኣጋጣሚቲ ተራ ቛንቋ ይኹን ፍልይ ዝበለ ኣዘራርባ ናይ ምምራጽ ዕድል ክጥቀም |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ብምዝራብ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ክእለት | ቁሩብ ምስ ዚኸውን: ቅልል ብዝበለ ኣገባብ ክዛረብ እኽእል እየ። ኣብ ናዓይ ተገዳስነት ዘለዎን ልሙድ ዝኾነን ኣርእስቲ ዘተኮረ ቅልል ዝበለ ሕቶታት ክምልስን ባዕለይውን ክሓትትን እኽእል እየ። | ኮይኑ: ነቲ ዝርርብ ከንቀሳቕሶ ዘኽእለኒ ናይ ምርዳእ ክእለት ግን የብለይን። | ወይ መዓልታዊ ናብራ ዝምልከት ንኣብነት: ናይ ስድራ: ናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈታተይ: ብዛዕባ ስራሕ: መገሻ ታት: ወይ ብዛዕባ እዋናዊ ኣርእስቲ ኣብ ዝግበር ዝርርብ: ኮነ ኢለ ከይተዳለኹ ክካፈል እኽእል እየ። | ፍሉጣት ኣርእስቲታት ኣብ ዝግበር ዝርርብ ክካፈል እኽእል: ነቶም ኣብኡ ዘቕርቦም ሓሳባትን ርእይቶታትንውን ክራኸረሎም እኽእል እየ። | ብዝተፈላለይ መገዲ ክጥቀመሉ እኽእል እየ። ሓሳባትን ርእይቶታትን ብትኽክለኛ መገዲ ክገልጽ ኣብ ልዕሊ ምኽኣለይ: ምስ መን ዝዛረብ ምኧኒይ ኣብ ግምት ኣእትየ: ምስኡ ዝጠዓዓም ናይ ምግባርውን ውሱን ክእለት ኣሎኒ። | እኽእል። ሰጋእ መጋእ ብዘይ ምባል ሓሳበይ ክግልጽን ሓድ ሓደ ናይ ፍሉይ መረድኢ ኣበሃህላን ክእለት ኣሎኒ። እዙይ ብዚ ደረጃ ኮይኑ ጸገም ምስ ዚጋጥመኒ: ካልእ ኣገላልጻ ተጠቒመ ነቲ ጸገመይ ሰማዓይ ከይተዓዘቦ ክሓልፎ እኽእል እየ። |
| ብምዝራብ ስራሕካ ምስላጥ | ቅልል ዝበላ ዓረፍተ ነገራት ሓረጋትን ተጠቒመ ንኣብነት: ኣበይ ከምዝነብር ምግላጽን ብዛዕባ ዝፈልጦም ሰባትን ክገልጽን እኽእል እየ። | ዝተፈላለዩ ዓረፍተ ነጋራት/ሓረጋት ተጠቒመ ብዛዕባ ስድራይን ካልኦት ሰባትን ክገልጽ ከምኡውን ብዛዕባ ናይ ሰባት ናይ መነባብሮ ኩነታትን: ብዛዕባ ዘለኒ ትምህርትን ብዛዕባ ናይ ሕጂን ቅድሚ ሕጂ ዝነበረኒ ስራሕን ክገልጽ እኽእል እየ። | ንኣብነት ብዛዕባ ዚጋጥመኒ ኩነታት: ዝሓለምኩዋ ሕልመይ: ዘሎኒ ተስፋን ናይ መጻኢ ጊዜ መደባተይን ብቐሊል ኣገባብ ንምግላጽ: ዓረፍተ ነገራት/ሓረጋት ከዛምድ እኽእል እየ። ንዘቕርቦ ሓሳብን ዘለኒ መደባትን ምኽንያታት ብሓጺሩ ክገልጽውን እኽእል እየ። ኣብ መጽሓፍ ዘንበብኩዎ ወይ ኣብ ፊልም ዝረኣኹዎ ነገር ክገልጽ ኣብ ልዕሊ ምኽኣለይ: ብዛዕቡኡ ርኢቶይውን ክህብ እኽእል እየ። | ኣብ ኣነ ዝግደሰሉን ኣብ ተሞክሮ ዘለኒ ኣርእስቲታትን ዘተኮረ ብሩህ ብዝኾነ ኣገባብ ዕሙቕ ዝበለ መግለጺ ክህብ እኽእል እየ። ርእይቶይ ክገልጽ እኽእል: ናይ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ዘሎ ኣዎንታዊን ኣሉታዊን ኩነታትንውን ክገልጽ እኽእል እየ። | ኣብነታትን ተመሳሳሊ ኣጋጣሚታትን ተጠቒመ ከቢድ ዝኾነ ኣርእስቲታት ብብሩህ ኣገባብ ክገልጽ እኽእል እየ። ኣብ ሓደ ሓደ ነጥቢታት ተወሳኺ መግለጺ ናይ ምሃብን ኣብ መወዳእታ ድማ ጥርኑፍ ዝኾነ መደምደምታ ናይ ምሃብን ክእለት ኣሎኒ። | ምስ ዘሎ ኩነታት ዝጠዓዓም ኣገላልጻ ተጠቒመ ብሩህን ንጹርን መግለጺ ወይ ክርክር ከቕርብ እኽእል እየ። እቲ ሰማዒ ሰብ ኣገደስቲ ነጥብታት ኪግንዝብን ኪዝክርን ንክኽእል: ውጽኢታዊ ዝኾነ ናይ ኣተሓሳስባ መስርዕ ክጥቀም እኽእል እየ። |
| ምጽሓፍ<br><br>ብጽሑፍ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ክእለት | ሓጺርን ቀሊልን ዝኾነ መልእኽቲታት: ንኣብነት ናይ ሰላምታ ካርድ ክጽሕፍ እኽእል እየ። ኣብ ቅልል ዝበለ ኦርኒክ ስም: ኣድራሻ: ከምኡውን ዜግነት ክመልእ እኽእል እየ። | ሕጽር ዝበለን ቀሊልን መልእኽቲ ክጽሕፍ ከምኡውን መዘኻኸሪ ክጽሕፍ እኽእል እየ። ብጣዕሚ ቀሊል ትሕዝቶ ዘለዎ ደብዳበ: ንኣብነት ጽቡቕ ንዝገበረለይ ሰብ ናይ ምስጋና መልእኽቲ ክጽሕፍ እኽእል እየ። | ብዛዕባ ዝፈልጦ ኣርእስቲ ወይ ተገዳስነት ዘሕድረለይ ነገር ቅልል ዝበለ ጽሑፍ ክጽሕፍ እኽእል እየ። ስሚዒተይን ርእይቶይን ዝገልጽ ደብዳበውን ክጽሕፍ እኽእል እየ። | ኣብቶም ኣነ ዝግደሰሎም ኣርስቲታት ዘቶኮረ ብሩህን ዓሚቖን ጽሑፍ ክጽሕፍ እኽእል እየ። ሓበሬታ ዝውፊ ጽሑፍ ኮነ: ሓደ ርእይቶ ንምድጋፍ ወይ ንምቅዋም ዝቐርብ ጸብጻብ/መግለጺ ወይ ድርሰት ክጽሕፍ እኽእል እየ። ናይ ሓደ ሰብ ብሕታዊ ኩነታትን ኣጋጣሚታትን ኣጒሊሁ ዘርኢ ደብዳበ ክጽእፍውን እኽእል እየ። | ብዝርዝር ዝተገልጸ: ብርእይቶታትን መግለጺታትን ዝተደገፈን እርኑብን መዋቕር ዝሓዘ ብሩህ ጽሑፍ ናይ ምጽሓፍ ክእለት ኣሎኒ። ኣብ ደብዳበ ይኹን ኣብ ድርሰት ወይ ኣብ ጸብጻብ/መግለጺ ብዛዕባ ከቢድ ኩነታት ክጽሕፍ እኽእል: ነቲ ኣገዳሲ እዩ ዝብሎ ነጥቢታት ድማ ክካታዓሉ እኽእል እየ። ኣቀራርባ ናይቲ ፅሑፍ ድማ: ምስ ኣንባቢ ከም ዝጠዓዓም ከስተኻኽሎ እኽእል እየ። | ምስ ዘሎ ኩነታት ዝጠዓዓም ኣገባብ ተጠቒመ ብሩህን ዘይዕጉትን ጽሕፍ ክጽሕፍ እኽእል እየ። ንምግላጹ ቀሊል ዘይኮነ ደብዳበ ይኹን ጸብጻባት/መግለጺታት ወይ ፍሉይ ጽሑፍ ክጽሕፍ ኣብ ርእሲ ምኽኣለይ: ኣንባባይ ኣገደስቲ ነጥብታት ኪግንዝብን ኪዝክርን ዘኽእሎ ውጽኢታዊ ዝኾነ ናይ ኣተሓሳስባ መስርዕ ክጥቀም እኽእል። ብዛዕባ ዘየከራኽር ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ ይኹን ብስነ ጽሑፍ ደረጃ ንዝቐረበ ድርሰት: ናይ መደምደምታ ኣርናቢ ጽሑፍን ብሓጺሩ ዝቐርብ መግለጺን ክጽሕፍ እኽእል እየ። |